Stadt Zürich
Schulgesundheitsdienste

Tigrinisch

# መእተዊ መዋእለ ህጻናት — ብዓይኒ ሓኪም ቤት ትምህርትን ስነ-ልቦና ቤት ትምህርትን ዝድለ ነገራት



**ምጅማር መዋእለ ህጻናት፣ኣብ ህይወት ቆልዓ ሓደ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ክሳብ 31 ሓምለ ኣርባዕተ  ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት  መዋእለ ህጻናት ይጅምሩ። ህጻናት ትሕቲ ዕድመ ብዝተፈላለየን ኣብ ኩሉ ቦታ ብዝተፈላለየ ፍጥነትን ይምዕብሉ - መዋእለ ህጻናት ኣብ ዘለዉዎ ደረጃ ይሕግዞምን የሰንዮምን ብውልቂ ድማ  ደገፍ ይህቦም።**

## ደርጃ ብደረጃ

ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ህይወቶም፡ ቈልዑንግዚኡ ካብ ስድራቤት ብምፍላይን ብፍልጠትንምፍላጥ ናብ ደገ ዓለም ብምምልላስን ርእሰ ተኣማንነቶም እናወሰኸ ይኸይድ። ናይ ጸወታ ጉጅለታትን መዋእለ ህጻናትን ኣገደስቲ ናይትምህርትን ልምምድን መዳያት እዮም። መብዛሕትኦም ህጻናት ኣብ 4 ዓመት ዕድሚኦም፡ ንብድሆታት ሓድሽ ሃዋህው መዋእለ ህጻናት ድሉዋትን ክፉታትን ንኽኾኑ፣ ብጽቡቕ ኽመልኩን ዘድልዩ ኣካላዊ፡ ማሕበረ-ስምዒታውን ኣእምሮኣውን ቅድመ-ኩነታት ኣጥርዮም እዮም።

## ጽቡቕ ጅማሮ መዋእለ ህጻናት ዘድልዩ ነገራት

እቲ ቆልዓ መዓልታዊ ንኹሉ ነገር ክገብሮ ድሉው እዩ።ንግሆ ኣብ ዝዓበየ ጉጅለ ተመሳሳሊ ዕድመ ዘለዎምን ቁሩብ ዝዓበዩን ህጻናት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መምህር መዋእለ ህጻናት ከሕልፎ ድሉው እዩ። ካብ መዋእለ ህጻናት ዝመጽእ ሓሳባት ንዕድመ ዝምጥን ተወሳኺ ስጉምትታት ምዕባለ የስፋሕፍሕ። እዚ ብኸመይ ይፍጸም፧ እቲ ቆልዓ ምስ ኩሉ



ህዋሳቱ ኣብ ነጻ ጸወታ ከምኡ’ውን ኣብቲ ዝምራሕ ትምህርቲ ክሳተፍ ምስ ዝኽእል። በዚ ምኽንያት እዚ እቲ/ታ ሓኪም ህጻናት ኣብቲ ናይ 4 ዓመት መርመራ እቲ ህጻን ጽቡቕ ጌሩ ክርኢን ጽቡቕ ክሰምዕን ይኽእል ድዩ ወይስ መነጽር ወይ ናይ ምስማዕ መሳርሒ የድልዮ ድዩ ኣይደልን ይምርምር።

ምጅማር መዋእለ ህጻናት ዕዉት ንክኸውን፡ ህጻናት ብዓቢኡ ነዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ከማልኡ ይግባእ። ንመዋእለ ህጻናት ድልውነት **ወሳኒ ዝኾነ ውልቃዊ ነጥብታት ዘይኮነስ፡ ሓፈሻዊ መርገጽ** ደረጃ ምዕባለ እዩ።

## ኣካላዊ ቅድመ-ኩነታት

- እቲ ቆልዓ መዋእለ ህጻናት ኣብ መደብ መዋእለ ህጻናት ብንጥፈት ክሳተፍ ምእንቲ ንግሆ ንቑሕን ተቐባሊን እዩ። እዚ ድማ እኹል ነዊሕን ዘይተረበሸን ድቃስ ለይቲ የድሊ።
- ድሕሪ ሕጂ ኣብ ጥርሙዝ ዝተዓሸገ መግቢ ስለዘየድልዮም፡ ሓይሎም ንምምላእ ንግሆ ቁርሲ ይበልዑ።
- መንገዲ መዋእለ ህጻናት ብእግሮም ክኸዱ ይኽእሉ።
- ነቲ ሒዞም ዝመጹ ምቁር መግቢ [Znüni / ጥዓሞት] ፈቲሖም ክበልዑ ይኽእሉ።
- ናብ ሽቓቕ ክኸይድ ኣብ ዝግደደሉ እዋን የስተብህልን ብንእሽቶ ሓገዝ ባዕሉ (ንኣብነት ቁልፊ ሱሩዕ ብምኽፋት) ናብ ሽቓቕ ክኸይድ ይኽእል።

**ጽቡቕ ንምፍላጥ፥** **እቶም ሎሚ ዘለዉ ክኢላታት፡ ህጻናት ኣብ ከባቢኦም ዘለው ቀረባት ምስ ደረጃ ምዕባለኦም ምስ ዝሰማማዕ ዝበለጸ ደገፍን ብድሆን ምስ ዝረኽቡን ብዝበለጸ ከም ዝዓብዩን ይግምቱ እዮም።**

- እቲ ቆልዓ መሰረታዊ ክእለት ዘለዎ ኮይኑ፣ ኣብ ጉያ፡ ምዝላል፡ ምድያብ መደያይቦ፡ ዋላ ኣብ ምስኣል፡ ምቑራጽ፡ ኣእዳው ምሕጻብ፡ ኣፍንጫ ምጽራይ፡ ክዳውንትን ጫማን  ናይ ምልባስን ምውጻእን’ውን ገለ ብልሓት ኣለዎ።

## ማሕበራውን ስምዒታውን ቅድመ-ኩነታት

- እቲ ናይ መዋእለ ህጻናት ቆልዓ ንጉሆ ክሳብ ምሉእ ቅድመ-ቀትሪ ካብ ኣለይትኡ ክፈላለ ይኽእል። ሽዑ ቺቸቶ/መተዓሻሸዊ ኣየድልን እዩ።
- ንካልኦት ብዝርድእዎ መንገዲ ድሌታቱ ክገልጽ ይጽዕር።
- ምስ ካልኦት ህጻናትን መምህራንን ግቡእ ርክብ ንምፍጣር ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር።
- ሕግታት ተረዲኡ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ይፍትን።
- ግርጭታት ብዘይ ዓመጽ ምፍታሕ ይጽዕር።
- ድሕሪ ዝኾነ ውድቀት ወይ ክስራን ዳግማይ ክፍትን ይደፍር እዩ።
- ምጽንናዕ ክቕበል ይኽእል እዩ።








## ናይ ኣእምሮ ቅድመ-ጥንቃቐታት

ኣብ መዋእለ ህጻናት ዝማሃር ቈልዓ ብዛዕባ ጸወታዊ ምንቅስቓስ፡ ኢደ ጥበብ ከምኡውን ምስኣል ዚገልጽ መምርሒታት ይዕዘብን ይስዕብን እዩ ።

- ንመምሃራን ግብረ መልሲ ዝህብን ቀለልቲ ዕማማት ክርዳእን ክፍጽምን ይኽእል።
- ምስቲ ጸወታ ክጸንሕ ይኽእል እዩ፣ ብትዕግስቲ ክጽበን ይኽእል።

## መዋእለ ህጻናት ብኣግኡ ምጅማር

ብሕጊ መሰረት ብኣግኡ ናብ መዋእለ ህጻናት ምእታው ኣይከኣልን እዩ።

## ድሒሩ ኣብ መዋእለ ህጻናት ምዝገባ

ብሰንኪ ደረጃ ምዕባለ ህጻን ድሒርካ ትምህርቲ ምጅማር ሳሕቲ ንረብሓ እቲ ቆልዓ ዝኸውን እዩ። ምኽንያቱ ከም ስርዓት፡ እቲ ዝድለ ምዕባለ ኣብ ህጻናት ካብ ባዕሉ ዘይኮነስ፡ ብዕላማ ዝገበረ ደገፍ ጥራይ እዩ ዝፍጸም። እዚ ማለት እቲ ህጻን ኣብዚ ግዜ እዚ ውልቃዊ ደገፍ የድልዮ። ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዝተደናጐዩ ቈልዑ ካብቶም መዘንኦም ኣብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ሓደ ዓመት ዝዓብዩ፡ ዝነውሑን ዝሓየሉን ብምኳኖም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ማሕበራውን ስምዒታውን ጸገማት የስዕብ። ስለዚ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያት፡ እቲ ቆልዓ ንክምለስ  ናብ በዓል መዚ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ብጽሑፍ ሕቶ ክቐርብ ኣለዎ። እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓኪም ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ስነ-ኣእምሮኛ ንካልኣይ ርእይቶ ክሕተት ይከኣል። ኣ    ለ ገል ናይዘባታት ቤት ትምህርቲ፡ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት እውን ከድሊ ይኽእል እዩ።

## ናይ መዋእለ ህጻናት ዓመተ ትምህርቲ ምዝላል / ምድጋም

ብመሰረት ሕጊ መዋእለ ህጻናት ክልተ ዓመት ይወስድ። ንገለ ውሑዳት ቆልዑ ወይ ውልቃዊ ምዕባለኦም ብዘፍቅዶ/ ዝጠልቦ መሰረት፡ እቲ ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ምስግጋር ብፍሉይ ድሕሪ ሓደ ወይ ሰለስተ ዓመት ጥራይ ክኸውን ይኽእል።

## ናይ ቤት ትምህርቲ መእለዪ/ መዕቆቢ

ምሉእ መዓልቲ እንተላይ ምብላዕ ኣብ ዓቢን ዝተሓዋወሰ ዕድመ ዘለዎም ህጻናት ብዘይ ወለዲ ምውዓል፡ ኣብ ዕድመ መዋእለ ህጻናት ንዝርከቡ ህጻናት ዓቢ ብድሆ እዩ። እቲ ቆልዓ ከከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮ ተመኩሮን ባህርን እዚ ከም ዘነቓቕሕ ወይ ልዕሊ ዓቕሙ ክገጥሞ ይኽእል። እንተላይ ውላድካ/ኪ በብቑሩብ ነቲ ሓድሽ ዓይነት ክንክን ንኽለምዶ ግዜ ምሃብ የድልዮ።

## ፍሉይ ትምህርታዊ ስጉምትታት

ፍሉይ ትምህርታዊ ስጉምትታት ንኣብነት፡ ናይ ስነ ዘርባ ፍወሳ፡ ደገፍ ፍሉይ ስነፍወሳዊ ትምህርቲ ክእለት ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምንቅስቓስ የጠቓልል። ሓደ ቆልዓ ድሮ ኣብ ምጅማር መዋእለ ህጻናት ፍሉይ ትምህርታዊ ስጉምትታት እንተድኣ ኣድልይዎ፡ እዚ ኣብቲ ተሓታትነት ዘለዎ ብዓል-መዚ ናይ ኣውራጃ ቤት -ትምህርቲ ንምምርማር ክሕተት ይከኣል። እንተዘይኮይኑ ኣብ እዋን መዋእለ ህጻናት ምስ ወለዲ ዘድልዮም ነገራት ክዘራረቡ እዮም።

## ወለዲ እንታይ ኪገብሩ ይኽእሉ፧

ወለዲ ንውላዶም ነጻ ክኸውንን ኣብ ናይ ምምሃር ዓቕሙ ክኣምንን ምስ ከተባብዕዎ ክድግፍዎን ኣለዎም። ብዘይካ ኣወንታዊ ተመኩሮታት፡ ግርጭታትን ውድቀታትን እውን ኣካል መስርሕ ትምህርቲ ምኳኑ ኣፍልጥዎ። ካብ መጀመርታ ኣብ ልዕሊ መማህራንን ቤት ትምህርትን ክፉት ኣረኣእያ ንትምህርታዊ ሞያ ናይቲ ህጻን ኣገዳሲ ደገፍ እዩ።

## ዝርርብ

ስክፍታ እንተሃልዩኩም ብኣግኡ ምስቲ መምህር ተዘራረቡ ኢኹም። ከከም ኣድላይነት፡ ሓኪም ቤት ትምህርቲ ወይ ኣገልግሎት ስነ-ልቦና ቤት ትምህርቲ፡ ሓላፍነት ዝስከም በዓል መዚ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ወይ ካልኦት ክኢላታት (ንኣብነት ሓኪም ህጻናት፡ ዝተሳተፉ ደገፍቲ ሰባት ወይ ፍወሰኛታት) እውን ክጽዋዑ ይከኣል።



ርክብን ተወሳኺ ሓበሬታን፤
**Schulgesundheitsdienste der Stadt Zürich ( ኣገልግሎት ጥዕና ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ ዙሪኽ[Zürich] )**
**School Medical Service and School Psychological Service (  ኣገልግሎት ሕክምና ቤት ትምህርትZን -ኣገልግሎት ስነልቦና ቤት ትምህርትን ) www.stadt-zuerich.ch/sg**

Stand: 3 / 2024